

# ንብዙሓት – ንውሑዳት ዘይኮነ!

Tigrinya

ነፍሲ ወከፍ ሰብ ንክሳኽዐሉን ከድልዮ ከሎ ሓገዝ ንክረክብን ማዕረ ዕድል ክህልዎ ኣለዎ። ሎሚ ከምዚ ኣይኮነን ዘሎ። ኣዝዮም ብዙሓት ጽቡቃት ነገራት ብዙሕ ናብ ዘለዎም ሰባት እዮም ዝኸዱ። ፍትሓዊን ምሕዝነታዊ ማሕበረሰብ ዘለዎ ከባቢ፣ ብከባቢያዊ፣ ብሄራውን ዓለምለኻውን እዩ ዘድልየና ዘሎ። እቲ ዋና ብሉጽ ናይ ኖርወይ ማሕበረሰብ ም – ንእሽተይ ኣፈላላያት፣ ውሑድ ስርሒ ስእነትን ጥንኩር ማሕበረ ሰባትን ክንሕሉ ንደሊ። ኣፈላላይት ክነጽብብን፣ ደሕነት ክነጠንክርን ድኽነት ክንገትእን ኣለና።

ናይ ነባሪ ኣየር ቅልውላው ናይ ተፈጥሮ ምዕናውን መላእ መጻኢና ኣብ ሓደጋ ክወድቅ እዩ ዝገብር፣ ምኽንያቱ ድማ ናይ ሓጺር ግዜ ረብሓታት ቅድሚ እቲ ከባቢ እዮም ዝስርዑ። ኣብዚ ግዜ እዚ በጺሕና ናይ ዘሎ ቅልውላው መልሲ ሓፈሻዊን ነቲ ነባሪ ኣየርን ኢንዳስትሪን ፍትሓዊን ክኸውን ኣለዎ። ምስ ብዝሕ ዝበለ ወፍሪ፣ ኣብ ዝመጹ ዓመታት ነቲ ኢንዳስትሪ ውልቀ ዕዮታት ከቅርብ ዝኽእል፣ ትልሚ እዩ። ኖርወይ ንዓለም ናብ ምሕዝነታዊን ዝሰማማዕ ነባሪ ኣየር ዘለዋ ዓለም ንምስሓብ ጀማሪት ሃገር ክንገብራ ኢና።

ሕጂ ንሓድሽ ናይ ኢኮኖሚ ፖሊሲ ዝኸውን ግዜ እዩ። ናይ ነባሪ ኣየር ቅልውላው ዝፈትሕን ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ ድማ ዘይማዕርነት ዝቅንስን ስእነት ስራሕ ዝገትእን ዝኽእል። እዚ ናይ SV ናይ ፍትሓዊ ሓምለዋይ ለውጢ ትልሚ ብዛዕባ ተስፋን ለውጢን ዝምልከት እዩ። ፍልልያትና ከነጕድል ኢና፣ ነቲ ኢንዳስትሪ ብምምዕባል ድማ ረብሓን ሽኽሚን ክካፈሉ ክንገብር ኢና። ነቲ ግራጫ፣ ንምቅራብ ዘይምቹን ከቢድ ዝበሃልን ፖሊሲታት እቲ መንግስቲ ዝደልዮም ዘሎ ናብ ጎኒ ክንገድፎም ኣለና። እዛ ሃገር ንብዙሓት ሓምለወይቲ ክንገብራ ኢና – ግራጫ ዘይኮነ ነቶም ውሑዳት ድማ።

**Sosialistisk Venstreparti**
Hagegata 22, 0653 Oslo
21 93 33 00
post@sv.no
sv.no